ኣብ ትሕቲ ማሕበር ልምዓት ትግራይ ዝርከብ ማእኸል ኢንቨስትመንት ቃላሚኖ ካብ ዘምረቶ ምህርቲ ምሩፅ ስራናይን ስገምን ንውልቀ ሰባት ይኹን ማሕበራት ንምሻጥ ስለዝደለየ ንምግዛእ እትደልዩ ኣካላት ብግልፂ ጨረታ ክትወዳደሩ ይዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ታሕሳስ 23, 2011 (ልዕሊ 8 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 2, 2011 3:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:2110.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 2, 2011 3:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ካልኦት ዝሸወጡ/ ዘገልገሉ ኣቅሑት መሸጣ/

1 ተወዳደርቲ ንተጠቀምቲ ብጨረታ ዝሸየጥ ምሩፅ ስርናይን ስገምን ብኣካል ቀሪቦም ብምርኣይ ዋጋ መሊኦም ብዝተዓሸገ ፖስታ ኣብ ዝተዳለወ ሳጥን ከእትው ይግባእ።

2 ተጫረቲ ናይ ጨረታ ሰነድ ብፖስታ ብምዕሻግ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ካብ 22/04/201 ዓ/ም ክሳብ 02/05/2011 ዓ/ም ኣብ ቃላሚኖ ማእኸል ኢንቨስትመንት ዝርከብ ናይ ጨረታ ሳንዱቅ ኣታዊ ክገብሩ ይግባእ።

3 እቲ ጨረታ ዕለት 02/05/2011 ዓ/ም ሰዓት 3:00 ተዓፅዩ፣ ሰዓት 3:30 ኣብ ኣብ ቃላሚኖ ማእኸል ኢንቨስትመንት ተጫረቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኸቡ ይኽፈት።

4 ናይ ጨረታ መኽበሪ ብር 2000.00 ሸሕ ብር ብሸም ኣብ ማእኸል ኢንቨስትመንት ቃላሚኖ ብጥረ ገንዘብ ወይ ሲፒኦ ከትሕዙ ዝኽእሉ፤

5 ዝርዝር ናይ ጨረታ ሰነድ ብር 50.00 ሓምሳ ብር ብምኽፋል ካብ ማእኸል ኢንቨስትመንት ቃላሚኖ ቁፅሪ 2 ዝርከብ ቤት ፅሕፈት ክወስዱ ይኽእሉ፤

6 እቲ ጨረታ ዕለት 02/05/2011ዓ/ም ሰዓት 3:00 ተዓፅዩ፣ ሰዓት 3:30 ኣብ ኣብ ቃላሚኖ ማእኸል ኢንቨስትመንት ተጫረቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኸቡ ይኽፈት።

7 ተወዳደርቲ ሰዓራይ ምኻኑ ካብ ዝግለፀሉ ኣብ ውሸጢ ክልተ መዓልቲ ሒሳብ ከፊሉ እንተዘይወሲዱ ዘትሓዞ መኽበሪ ጨረታ ሲፒኦ ወይ ብጥረ ገንዘብ ናብ ናይ ትካልና ካዝና ኣታዊ ይግበር።

8 ዝርዝር ድሌት መግለፂ ቤት ፅሕፈትና ካብ ዘቕርቦ ናይ ዋጋ መቅረቢ ቅጥዒ ወፃኢ ዋጋ መሊኡ ዘቕርብ ተቐባልነት የብሉን።

9 ቤት ፅሕፈትና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብኽፋል ይኹን ብሙሉእ እቲ ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ንተወሳኪ ሓበሬታ ብሰ.ቁፅሪ 0348-990423/0344-405021 ምድዋል ይከኣል እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle